ኣብ 1918፡ ሓደገኛ ሕማም ኣብ ዓለምና ወሪሩ ነይሩ፤ እዚ ድማ ኣብዚ ምዕቡል ዓለም ዘጋጠመ ምልባዕ ዝኸፍአ ቀታሊ ሕማም እዩ። እቲ ሕማም ድማ ሰዓል እኳ እንተነበረ፡ ከምቲ

ተራ ሰዓል ኣይኮነን

ኣብዚ ሕታምᐅዚ ድማ፤
ነዚ ሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት
ዘጥቀዕ እዋናዊ ሓደጋ፡ ከመይ
ዝበለ ምድላዋት ክትገብርሉ ከም
እትኽእሉ ዝሕብርᐅዩ

NO ORDINARY FLU
ሰላም ኣደ፡
እዚ መን እዩ?
FAMILY PHOTOS
እዚ፡ ኣርቱሮ ዝብሃል ዓቢ ኣኮኻ እዩ።
በቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፍያዊ ቦታታት ዘጥቀዐ ብእስጳኛ ሰዓል ዝፍለጥ ሕማም ሞይቱ -
ኣደ-ዓባይካ ማርያ ድማ ኣዝያ ጉህያ ከምዝነበረት ይዛረቡ።
ኣዝዩ ንእሽተይ ግን ይመስል። እቲ ዘጋጠመ እንታይ እዩ?


ኣብ ቀውዒ 1918፡ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ዝውድኣሉ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ እዩ...
Welcome HOME!
ኣብ ቤተሰብና ድማ ነገራት እናተመሓየሹ መጺኦም።
ማርያ፡ ዋላውን ንኣደን ኣቦን ኣብ ድኳን ትሕግዝዮም እኳ እንተነበርኪ፡ ምምላስኪ ግን ጽቡቕ እዩ።
ኩሉ ሰብ፡ ንኣርቱሮ የፍቅሮ ነይሩ።
ወተሃደር፡ ምምላስካ ድማ ጽቡቕ እዩ!
የቐንየለይ ማክስ!
ኮይኑ ግን፡ ኣብ ቀረባ እዋን፡ እዚ ህይወት ብቕጽበት ተቐይሩ።
ሓትነ ኢቫ ድማ ኣብ ፊላደልፍያ ዝነበሩ ሰባት፡ ብእንፍልዌንዛ (ሰዓል) ይሞቱ ኣለው ኢላ ትዛረብ።
The News
ቀታሊ ሰዓል ኣብ ምብራቕ ወሰን ባሕሪ

ኣብ ውሽጢ ሳምንታት: ሕማም ሰዓል ኣጋጢሙ፤ ኣደ ዓባይካ ድማ ፈለማ ሓሚማ።
ኣእምሮኣ ስሒታ ስለዘላ: ኣነ ክከናኸና እየ፤ ስለዚ: ኣርቱሮ ነቲ ኣብ ድኳን ዘለኒ ስራሕ ስርሓለይ።
ዳርጋ ኣብ ሓደ ለይቲ ድማ መነባብሮ ህይወቶም ተቐይሩ።
LINCOLN THEATER
The FATAL RING PEARL WHITE
CLOSED BY ORDER OF HEALTH DEPARTMENT
INFLUENZA
ማክስ: ሓሚሙ ስለዘሎ: ሎም መዓልቲ: ዝስደድ ኣቐሑ የለን።
SPECIAL
BUY U.S BONDS
ኣዲኡ ምስ ሓመመት: ኣርቱሮ: ንዓኣን ንማርያን ይኣሊ ነይሩ።
ኣርቱሮ: ነርሳት የብልናን። ኣዝዮም ብዙሓት ዶኳትርን ነርሳትን ሓሚሞም እዮም ዘለው፤ ኣዝዮም ብዙሓት ሕሙማት ድማ ኣለውና።
ኣብ ድኳንኦውን: ካብኡ ዝሓሸ ኣይነበረን።
ይቕሬታ ኦ'ደ። ኣቐሑ ኣይንረክብን ኢና ዘለና።

ምልእቲ ከተማ፡ ትሳቐ ነይራ።
GOING OUT OF BUSINESS
ኣገልግሎታት ተቋረጹ ኣሎ
ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ፡ ማርያን ኣዲኣን ድሕሪ ውሑዳት ሳምንታት ክሓውያ ጀሚረን።
ኣብቲ ግዜ'ቲ እውን፡ እታ ቤተሰብ ካብ ሰዓል ውሕስቲ ኣይነበረትን።
ኣርቱሮ ድማ ሃንደበት ሓሚሙ።
ኡሑዕ! ኡሑዕ!
DAILY NEWS
ኡሑዕ! ኡሑዕ! ኡሑዕ!

ኣርቱሮ፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ብዙሓት ዓበይቲ መንእሰያት፡ ኣብ ኣዝዩ ዝቕልጠፈ ግዜ ከቢድ ዝኾነ ሕማም ሓሚሙ።
ኣብታ ዝቕጸለት መዓልቲ
ድማ ሞይቱ።
ንኹሉ ሰብ፡ ከቢድ ግዜ ነይሩ።
ይቕሬታ ኣ'ደ። ኩልና ኣብ ቤት ጽሕፈትና የለናን።
ሰባት፡ ሰዓል ናብ ካልኦት ንኽላብዑ ክገብሮም ዝኽእል ስርዓተ-ቀብሪ ወይ ዝኾነ ዓይነት ኣኼባ ከነካይድ ኣይንኽእልን ኢና።
ማርያ፡ ብኽቢድ ተጠቒዓ ነይራ።
ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ሞይቱ። በቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም፡ ኣብ ከባቢታት ዓለም 50 ሚልዮን ሰባት፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ድማ 675,000 ሰባት ሞይቶም።
ዋላውን ከቢድ ጥፍኣት ህዝቢ እንተኾነ፡ እቲ ዝበዝሐ ቁጽሪ ህዝቢ ግን ድሒኑ እዩ።
ኣደ ዓባይካ - ማርያ - ካብቲ ሕማም ዝደሓነት እያ።


“ንሕና ኩልና፡ ዘርኢ ናይቶም ኣብ 1918 ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዐ ሕማም ዝድሓኑ ወለድና ኢና።”
ሕጂውን ሓደጋ ናይዚ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሰዓል ጨሪሱ ኣይጠፍአን ዘሎ።
ኣብ ዝሰዓበ ግዜ፡
“...ክኢላታት ጥዕና፡ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም ከስዕብ ዝኽእል ሓድሽ ቫይረስ ሰዓል ዝከታተሉ እዮም...”
ሓንሳእ ኣደ!
FLU
“እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሰዓል፡ ካብቲ ኣብ ሓጋይ እንርእዮ ሰዓል ዝተፈልየ እዩ።
FLU
እዚ ድማ ንኣካል ሰብ ብፍጹም ኣጋጢምዎ ብዘይፈልጥ ሓድሽ ቫይረስ ዝስዕብ እዩ።”
FLU


ኣካላትና፡ ንሓድሽ ቫይረስ ሰዓል ንኽቓለስ ይጽገም።
እዚ፡ ብኣሽሓት ግዜ ዝገዘፈ ቫይረስ ሰዓል እዩ።
ከምቲ ኣብ ሓጋይ እንርእዮ ሰዓል ዘይኮነ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ክታበት ናይዚ ንሰፊሕ ጅኦግራፍያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሰዓል የለን።
እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ቫይረስ፡ ብመንገዲ ኣብ መንጐ ሰባት ዝግበር ምትንፋፍ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።
1918
ሕጂ
GATE A11
GATE A12
እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሰዓል፡ ናብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ይዝርጋሕ። ኣብ ኩሉ ቦታ ናይ ዝርከብ መዓልታዊ መነባብሮ ሰባት ድማ ይቕየር።
ለበዳ ናይዚ ሕማም ንምዝሓል ተባሂሉ፡ ኣብያተ-ትምህርትን መውዓሊ ቆልዑን ንኽዕጸዋ ድማ ተኽእሎ ኣሎ።

ብዙሓት ሰባት ድማ ስራሕ ክሰርሑ ኣይኽእሉን።
CLOSED
CLOSED
CLOSED
ህዝባዊ በዓላት፡ ክስረዙ ይኽእሉ።
ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብ ድማ ከቢድ ክኸውን ይኽእል።
EMERGENCY
ዶር. ቫን'ውን ሓሚሙ ስለዝርከብ፡ እንታይ ክንገብር ከም እንኽእል ኣይፈለጥኩን ዘለኹ።
መብዛሕቶም ሕሙማት ሰዓል ድማ ኣብ ገዛ ሕክምና ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።
PEOPLE TEEN MAG
ከምቲ ኣብ 1918 ዘጋጠመ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዐ ክልተ ድሓን ዝኾነ ዓይነት ሰዓል፡ ኣብ 1957 ከምኡውን ኣብ 1968 ኣጋጢሙ ነይሩ።
1957
1968
ዋላ'ውን ዓይነቱ ድሓን እንተኾነ፡ ክንዳለወሉ ግን ከድልየና እዩ።

እንተወሓደ፡ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ግዜ ኣብ ገዛ ንኽትጸንሑ ዝተዳለኹም ኩኑ*
RICE
RICE
RICE
PASTA
PASTA
SOUP
SOUP
SOUP
SOUP
BEANS
BEANS
BEANS
BEANS
24 Rolls
CAT FOOD
WATER
WATER
* እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፍያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም፡ ብውሑዱ፡ ካብ ሳምንታት ክሳብ ኣዋርሕ ክጸንሕ ይኽእል እዩ።
ጥዕናውን ሕክምናውን መድሃኒታትን መሳርሒታትን ዓቅቡ።
SOAP
SOAP
HAND SANITIZER
COUGH SYRUP
IBUPROFEN
ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝዕጸዋሉ ግዜ፡ ንቆልዑ መን ከምዝኣሊ ወስኑ።
እንተተኻኢሉ ድማ ኣብ ገዛ ኴንኩም ክትሰርሕሉ እትኽእልሉ ውጥን ኣዳልው።
እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ንጐሮባብትኹም ንኽትሕግዙ ድሉዋት ኩኑ።
FOOD
ንጀርምታት ሰዓል ተኸላኸሉ። እዚኦም ድማ ሰባት ክስዕሉን ዕንጥሮ ክብሉን ከለው ይላብዑ።
AH AH AH CHOO!

ወይ ድማ ጀርምታት ሰዓል ዘለውዎም ኣእዳው ምስዝትንክፍዎም...
ኡሑዕ!
እቶም ጀርምታት ድማ ናብቶም ነገራት ይሓልፉ።
ጀርምታት ሰዓል፡ ኣብቶም ነገራት ድማ ንመዓልታት ክጸንሑ ይኽእሉ።
ንኣእዳውኩም ብቐጻሊ ምሕጻብ፡ እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ እዩ።
SOAP
ሳሙናን ማይን ምስዘይህልወኩም ድማ ኣልኮላዊ መጸራረዩ ተጠቐሙ።
HAND SANITIZER 60% ALCOHOL
ክትስዕሉን ዕንጥሾ ክትብሉን ከለኹም ኣፍኩም ብምሽፋን፡ ንጀርምታት ሰዓል ተኽላኸሉ።
A-A-
CHOO!
A-CHOO!
A-CHOO!
ብዛዕባ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሰዓል ዝምልከት ካብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ክፍሊ ጥዕና ወይ ድማ ካብዛ ዌብሳይት ብዝያዳ ሓበሬታ ርኸቡ።
www.pandemicflu.gov
PandemicFlu
ጠውቕ ጠውቕ
ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም መዓስ ከምዘጋጥም ዝፈልጥ ዋላ ሓደ ሰብ የለን፡ ሓቀይ'ዶ?
ሓቅኻ ኢኻ። ሕጂ ግን ክንዳለወሉ ኣለና፥ ስለዚ ድማ እቲ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም ኣብ ዘጋጠመሉ ግዜ፡ ብዝሓሸ መንገዲ ንሓልፎ።
ዋላውን ከቢድ ዝኾነ ንሰፊሕ ጅኦግራፊያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም እንተኣጋጠመ፡ ልክዕ ከምታ ኣደ ዓባይካ ማርያ ዝድሓነት፡ መብዛሕቱ ሰብ ይድሕን እዩ።

ትርጉም ቃላት፥

ኢንፍልዌንዛ (ወይ ሰዓል)፥ ብቫይረስ ኢንፍልዌዛ ዝመጽእ ሕማም ኣፍንጫ፤ ጐሮሮን ሳምቡእን እዩ። ሰዓል፡ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ዝኽእል እዩ።

ንሰፊሕ ጅኦግራፍያዊ ቦታታት ዘጥቅዕ ሕማም (ፓንደሚክ)፥ ኣብ ሓደ ቦታ ጀሚሩ ናብ ካልእ ቦታታት ዓለም ዝላባዕ ሕማም እዩ።

ቫይረስ፥ ከም ተራ ሰዓል ዝኣመሰለ ድሓን ዝኾነ ሕማም ወይ ድማ ንገለ ከበድቲ ሕማማት ከስዕብ ዝኽእል ዓይነት ጀርም እዩ። ጸረ-ነፍሳት፡ ቫይረሳት ንምጥፋእ ኣይሰርሕን እዩ።

ምስጋና

ብPublic Health – Seattle & King County Advanced Practice Center ማዕቢሉ

ሓሳብን ዛንታን ድማ ብመረዲዝ ሊ-ቮልመር ከምኡውን ማቲው ፍረንች ተዳልዩ

ስርሓት ስነ-ጥበብ፡ ብዴቭድ ላስኪ ተዳልዩ

ምወላ፡ ብመንገዲ [Cooperative Agreement Number U50/CCU302718] ካብ [Centers for Disease Control and Prevention (CDC)] ን[National Association of County & City Health Officials (NACCHO)] ተዋሂቡ። ትሕዝቶ እዚ ጽሑፍ ድማ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ሓላፍነት ጸሓፍቲ ኮይኑ፡ ብቕንጹ ንወግዓዊ ርእይቶታት [CDC] ወይ [NACCHO] ኣይውክልን እዩ።

NACCHO
National Association of County & City Health Officials
The National Connection for Local Public Health

APC Advancing Public Health Preparedness Through Innovation
Advanced Practice Centers

Public Health
Seattle & King County